# ኩሉና ደቂ ኤረ!




ኩሉና ደቂ ኤረ ብሓባር
መስርዕና ኣስጢምና ተሰኪምና ሓደራ
ኣብ ትሕቲ ጽላል ሓንቲ ባንዴራ
ንመከት ንመከት ኣይንተሃመል ከም ቀደምና
ምእንቲ ኪቐስኑ  ጀጋኑ  ሰማእታትና።
መሰጋገሪ መድረኽ እዩ ስራሕ ተበራበር
ሓድሽ መግዛእቲታዊ ተንኮል ኪስበር
ግዜያዊ ብድሆ እምበር ሓላፋይ እዩ ኩሉ ሽግር
ስሉዕ  ንሓፋሽ ዘይመዝመዘ  እንከማርር
ውፉይ ግን  ብትግሃት ይሰርሕ ፡ይወፍር።
ስራሕ ውፈር ኪበሃል ዝጸምም፡
ተበገስ እንኪበሃል የዕረምርም  ይሓምም
ወፋሮ! ንወፍሪ ኪብገሱ ርእዩ! ንድሕሪት ይሃድም
መኣዲ እንክቕረብ ግን ቅድሚ ወፋሮ ዝኹደም
እናበልዐ  ኣንጻር ጀጋኑ የዕዘምዝም።
ወረ ዝኣራሪ ርእሱ ጸቒጡ ከም ተመን
ዝሩግ መዕንጣ ዕግርግር ኪፈጥር  ዚደናደን

ናትካ ነገረ ካብ ዕሱብ ተዓሲብካ ዘሕዝን
ኣፍልጦ ዘይብልካ ናይ ፖሊቲካ  መሃይም  ንኩሉ ዘመዛዝን
ትህውትት ኣበይ ናበይ ስለምንታይ?ብዝይ መኣዝን።
ብህርፋን ጽልኢ ዓይንኹም ፈጢጡ
ከየበርከትኩም ኣብ ሕቆ ሓፋሽ ኪትልጠጡ፡
ቤላቤለው  ኣብ ህዝቢ  እናገማሕዳኩም ትፍርጥጡ
ኣቤት! መዋዕልቲ ቡን ዘረባ ኪትመጡ
ድምጺ ዘባህርረኩም ዝሩጋት  ትሃድሙ ትዝርጥጡ።
ተብትኮ እተብትኮ እንታይ ከይንጽበ ካባኻ
ሸጥካ! እትበልዕ ርስቲ  ዓደቦኻ
ወረ !እንታይ ጉድካ ዘይትመሃር ሕሉፍ ጌጋኻ
ትሽመም ኣብቲ ረግረግ ኣብቲ ሰልሚ መሊስካ
ወይ ጉድ ! ብ ሓቂ  ኤርትርውነትካ ኣብ ሕቶ ዘእቶካ።

ካብ ኣዲታት ዋርሳይ

**ወ/ሮ** ዘውዲ ተኽለሰንበት- ኣብ መዓልቲ ነጻነት ዝተንበበበ

ማንሃይም ከባቢኡን 26 05 2017